## ብዛዕባ ኤይድስ ሂልፈ በርን

ኣብ ኤይድስ ሂልፈ በርን ንብዛዕባ ኤች አይ ቪን ብጾታዊ ርክብ ንዝመሓላለፉ ሕማማት ንዝምልከቱ ሕቶታትኩም ንምልስ። ኤይድስ ሂልፈ በርን ንምስ ኤች ኣይ ቢ ቫይረስ ዝነብሩን ናቶም ናይ ቀረባ ሰባትን ሓገዛት ይገብር። ንናይ ስደተኛ ድሕረ-ባይታ ዘለዎም ሰባት ዝተፈላለዩ ኣገልግሎታት ይህብ። ንክኢላታትን ግዱሳትንድማ ምኽሪ፡ ሓበሬታታት፣ ስልጥናን ሰነዳትን ድማ ንህብ።

ኤይድስ ሂልፈ በርን ኣብ 1985 ተመስሪቱ። ብካንቶን በርን ኸም ናይ ምኽሪ ማዕከን ኣብ ጉዳያት ኤች ኣይ ቢን ጾታዊ ርክብን ኮይኑ ክሰርሕ ድማ ፈቓድ ኣለዎ ። ንሕና ንትርፊ ዘይንሰርሕን ፖሊትካዊ ሻርነት ዘየብልናን ምስ ዝኾነ ናይ ሃይማኖታዊ እምነት ዘይተቓረናን ኢና።

### ሓበሬታን ምኽርን

ንሕና ሓበሬታ፡ ምኽርን ጽሑፋትን ኣብዘም ዝስዕቡ ጉዳያት ንህብ፧

- ናይ መልከፍቲ ሓደጋታትን ንኤች አይ ቪ ኤይድስን ካልኦት ብጾታዊ ርክብ ንዝመሓላለፉ ሕማማት
- መርመራ ናይ ኤች አይ ቪን ፈንጣጣን/ሲፊሊስን (ብስቱርን ማለት ውልቓዊ ሓበሬታ ብዘይምሃብ)
- ፕረፕ (PrEP) ናይ መጀመርታ ምኽርን ቀጻሊ ምክትታል
- ናይ ስን-ኣእምሮ ምኽሪ ንኤልጂቢቲ (LGBT+)
- ምኽሪ ንኪእላታትን ንተመሃርቲን (ካብ ቤት-ትምህርቲ)
- ምኽሪ ንግዳያት ኤች ኣይ ቭን ቀረባቶምን
- ንናይ ኣብ ደገኣዊ ጎስጋስ ስርሓት
- ንናይ ኣብ ማሕበረ-ሰብ ጎስጋስ ስርሓትን

ምኽሪ ብስቱርን እሙንን ዝኾነ ኣገባብን ይፍጸምን ብነጻን ወይ ብዘይ ክፍሊት ድማ ይወሃብ። ምኽሪ ብቓንቓታት ጀርመን፡ እንግሊዘኛን ፈረንሳይኛን ይወሃብ። ካብዚ ወጻኢ ዝኾኑ ቓንቓታት ምስ ዝሕተት ኣስተርጎምቲ ይዳለዉ።

### ብኸመይ መንገዲ ሓበሬታን ምኽርን ክርኸከብ ይከኣል፡

- ብቴሌፎን፡ 031 390 36 36 ፡ ካብ ሰኑይ ክሳብ ሰሉስ (ካብ ሰዓት 09፣00 ክሳብ 12 ፡00)፣ ረቡዕ ስጋብ ዓርቢ (ካብ 09፡00 ስጋብ 12፣00ን ድሕሪ-ቀትሪ ድማ ካብ ሰዓት 2፣00 ስጋብ 4፣00)
- ብኢ-መይል፡ mail@ahbe.ch
- ብኣካል ብምምጻእ ቆጸሮ ንመሓዝ ብ 031 390 36 36 ደውሉ።

### ስቱር ዝኾነ ናይ ኤች ኣይ ቪ ወይ ፈንጣጣ መርመራ ክትገብሩ ትደልዩ 'ዶ?

እዚ ኣገልግሎት እዚ ንስደተኛታት፡ ብፍላይ ድማ ንዕቓባ ዝሓተቱን ወረቀት መንበሪ ንዘይብሎም ዝዓለመ እዩ። ኣገልግሎት ናይ መርመራ ንኤች ኣይ ቪ፣ ንሕማም ፈንጣጣ፣ ጂግልን ክላሚዲየን ንህብ። መርመራን ምኽርን ብሱቱር፡ እሙንን ብሑሱር ዋጋ ወይ ብዘይ ክፍሊት ንናይ ገንዘብ ጸገም ንዘለዎም ይሰላሰል። ኣብ ዉሽጢ 15 ደቃይቕ ድማ መልሲ ይወሃብ።

ኤይድስ ሂልፈ በርን መርመራን ምኽርን ብዝተፈላለየ ቓንቓታት ይህብ (ብጀርመኛና፡ ብፈረንሳይኛን ብእንግሊዝኛ)። ጠለብ ንምክሪ ብኻላኦት ቓንቓታት እንተሃልዩ ክትግበር ይከኣል። ቆጸራ ድማ ኣብዚ ዝስዕብ ክተሓዝ ይከኣል:
https://outlook.office365.com/owa/calendar/CheckpointBern@ahbe.ch/bookings/

### ተሸካሚ ናይ ኤች ኣይ ቪ ወይ ድማ ናይ እተለኽፈ ሰብ ቐረብኡ ዲኹም?

ገጽ ንገጽ ብዝኾነ ኣገባብ ምኽሪን ሓገዝን ንብ ኤች ኣይ ቢ እተለኽፈ ስብን ናቱ ቀረቡ ዝኾኑን ንህብ። ምኽሪ ወይ ኣብ ቦታ ብምምጻእ፣ ብተሌፎን፣ ብኢ-መይል ወይ ብቢድዮ ኮንፈረንስ ይሰላሰል። ናይ ምኽሪ ትሕስቶ ድማ እዞም ዝስዕቡ እዮም፣

- ስነ ኣእሙራዊን ማሕበራውን ጉዳያት (ንኣብነት ኸመይ ገይረ ኩነታት ናይ ኤች ኣይ ቢ ናተይ ንካልእ ክነግር ይኽል?)
- ናይ ጥዕና ኩነታት (ንኣብነት መድሃኒት ናይ  ኤች ኣይ ቢ ብኸመይ ይሰርሕ)
- ሕጋዊ ኩነታት  (ንኣብነት ስራሕ፣ መድሕን፣ መገሻ)
- ገንዘባዊ መዳያትን
- ምምሕዳራዊ ሓገዝ

ዓቢ ኣተኩሮ ንብእምነት ወይ ድማ ብሱቱር ምስራሕ ንህቦ። ምኽሪ ብቓንቓ ጀርመኝና እንግሊዘኛን ፈረንስይኛን እስፓኛን ይወሐብ። ንተወሰኺ ቓንቓታት፡ ብጠለብ መሰረት ቶርጋሚ ክዳሎ ይኽእል።

ቆጸራ ንምሓዝ ብተሌፎን 031 390 36 36 ወይ ድማ ቢ ኢ-መይል info@ahbe.ch ተጠቀሙ።

## ምስ ስደኛታት ትሰርሑ ወይ ድማ ንጡፍ ኣባል ናይ ሓደ ባህላዊ ማሕበር ወይ ሃይማናታዊ ግጁለ ዲኹም?

ኣገልግሎት ናይ ስልጠና፡ ምኽርን ሓበሬታትን ነዞም ዝስዕቡ ኣካላት ንህብ። ንኺኢላታት ኣብ መዳይ ናይ

ዕቹበ፡ ኢንተግረሽን (ውህደት)፡ ትምህርታዊ ወይ ባህላዊ ክፍሊን ዝነጥፉ፡ ብተወሰኺ ድማ ንመራሕትን

ንወሰንቲ ሰባትን ኣብ ባህላዊን ሃይማነታዊ ጉጅለታት ዝኾኑ። ብቴለፎን 031 390 36 36 ወይ ድማ ቢ ኢ-መይል info@ahbe.ch ርኸቡና።

## ብኸመይ ኣገባብ ካብ ኤች ኣይ ቢን ካልኦት ብግብረ-ስጋ ዝመሓላለፉ ሕማማት ምክልካል ይከኣል?

ንነብስኩም ካብ ኤች ኣይ ቪን ካልኦት ብግብረ-ስጋ ዝመሓላለፉ ሕማማት ንምክልኻል ዉሑስ ናይ ግብረ-ስጋ ኣገባባት ( “safer sex rules”) ተኸታተሉ፣

1. ንናይ ብልዕቲ ወይ መቀመጫ ግብረ-ስጋ ኮንዶም ተጠቀሙ።
2. ኣብ ናይ ውልቕኹም እተመርኮሰ ጸታ ምኽሪ ንምርካብ ናቱኩም ፈተሻ ንውሑስ ግብረ-ስጋ (Safer Sex Check) ግበሩ።

ተወሳኺ ሓበሬታ ብጀርመንኛ/ ፈረንሳይኛ/ ጣልያንኛ/ እንግሊዝኛን ኣብ ናይ ኤይድስ ሂልፈ ሽቫይዝ ሆም-ቤጅ

ይርከብ: http://www.aids.ch

## ኤይድስ ሂልፈ በርን ንናይ ስደተኛ ድሕረ-ባይታ ንዘለዎም ሰባት እዞም ዝስዕቡ ኣገልግሎት ይህብ፡

**Safe Space**
ኣብዚ ብጽሑና: www.mycheckpoint.ch/safespace

**Multicolore**
ኣብ ፈይስቡክ ብጹሑና: www.facebook.com/multicoloreAHBE

**ፊልጠትኩም ፈቲሹ! ሕቶታት ብዛዕባ ኤች ኣይ ቢን ጾታዊ ጥዕናን።**
ሕቶታት ናይ ኤች ኣይ ቢ ዳውን-ሎድ ግበርዎ